ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ዶቡብ ንኣገልግሎት ዝውዕሉ ናይ ኤሌክትሮኒክስን ፣ ቀዋሚ ንብረትን ፣ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።በዚ መሰረት ዝስዕቡ ረቋሒታት እተማልኡ ነጋዶ ንክትወዳደሩ ንዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ መጋቢት 11, 2012 (ልዕሊ 6 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 24, 2012 9:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:20
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 24, 2012 9:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/

1 በዚ ዘፈር ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድ ዘለኩም ናይ መቅረባይነት ወረቀት ምስክር ዘለኩም

2 ተወሳኺ እሴት ታክስ ዝተመዝገብኩም ናይ ወርሒዊ ሒሳብ ዘወራረድኩምሉ መረዳእታ ክተቅርቡ ትኽእሉ

3 ካብ ተወሳኺ እሴት ታክሰ ወፃኢ ፍቃድ ንግዲ ዝተመዝገብኩም ኣብ ዝምልከተኩም ምውድዳር ትኽእሉ ኢኹም።

4 መለለይ ቁፅሪ ከፋላይ ግብሪ ተመዝገባይ ምኳንኩም ቅዳሕ መረዳእታ ክተቅርቡ ትኽእሉ።

5 ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ ብር 20.00 (ሚስራ ቅርሺ) ብምኽፋል ካብ 09/07/2012 ዓ/ም -23/07/2012ዓ/ም ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ብምውሳድ ሰነድ ጨረታ ኣብ ፖስታ ብምዕሻግ ናይ ተጫረቲ ሽም ፊርማን ማህተምን ብምግባር ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ክፍሊ ቁፅሪ 12 ምእታው ይከኣል።

6 እቲ ጨረታ 23/07/2012 ዓ/ም ሰዓት 9:00 ድሕሪ ሰዓት ተዓፅዩ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 9፡30 ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽሉ ኣብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ደቡብ ይኽፍት ።

7 ተጫረቲ ጨረታ ቅድሚ ምኽፋቱ መኽበሪ ጨረታ 3000.00(ሰለስተ ሽሕ ቅርሺ) ብጥረ ገንዘብ ወይ ብሲፒኦ ከቅርቡ ኣለዎም።

8 ተጫረቲ ናይ ዝሰዓርዎ ንብረት ጠቅላላ ዋጋ 10% መኽበሪ ውዕሊ ብሲፒኦ ወይ ብጥረ ገንዘብ ከቅርቡ ኣለዎም።

9 ተጫረቲ ዝሰዓርዎ ንብረት ሙሉእ ብሙሉእ ክሳብ እቲ ዝተስማዕምዕሉ ዕለት እንተዘይቀሪቦም ዘትሐዝዎ ናይ መኽበሪ ውዕሊ ብቅፅዓት ናብ መንግስቲ ካዝና ኣታዊ ይኾን።

10 ጨረታ ሰዓራይ መቅረቢ እቲ ንበረት ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ኣብ ውሽጢ 10ተ መዓልቲ ኣታዊ ይገብር። ዝሰዓርዎ ንብረት ብናይ ባዕሎም መጓዓዝያ ናብቲ ቤት ዕዮ ኣታዊ ይገብርዎ።

11 ካብቲ ዝተቀመጠ ዝርዝር መግለፂ (ስፔስፊኬሽን) ወፃኢ ካልእ ኣማራፂ ተዋሂቡ ከቀምጥን ኣብቲ ዝርዝር መግለፂ (ስፔስፊኬሽን) ዘይተነፀረ ንብረት ምቅማጥ ኣይፍቀድን ውድቂ ይኸውን።

12 በቲ ዝወፀ ዝርዝር መግለፂ መሰረት ፅሬቶም ወይድማ ደረጅኦም ዝሓለው ኣቑሑት ምኳኖም ኣረጋጊፁ ከቀምጥ ይግባእ።
13 እዚ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

14 እቲ ቤት ፅሕፈት 20% ናይ ምውሳኽን ናይ ምቅናስን መሰል ኣለዎ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቁ.ስልኪ 0347-770221 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle